# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.195 | ሰንበት 14 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ስሩዕ ምኽንያት - ሓደኻብ ውጽኢታዊ ባህሪ ተመሃራይ (፲)

ገጽ 3
ዛንታ ኣቦይን ኣዕሩኽቱን





ገጽ 4
ዓውዲ ፊልም ሃገርና ናበይ ገጹ እዩ...?



ገጽ 5
ምልክታ

ገጽ 7





"ኤርትራ፡ ኣብ ዓውዲ ባድሚንቶን ብርግጽ ክትዕወት እያ"


## ማእከል - ኣብ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩበላን ተዘትዩ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ "ብናይ ሓባር ጻዕርና፡ ጥዕና ደቅና ነውሕስ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ9 ሚያዝያ - ኣብ ትግባረ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩበላን ምዕዳል ቫይታሚን 'ኤ'ን ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝመጽኡ ሓለፍቲ ጨናፍር ጥዕናን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ዝተሳተፍዎ ናይ ኣስመራ ዓውደ-ዘተ፡ ኩሎም ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑን ህጻናትን ክኽተቡ፡ ዕቱብ ምክትታልን ቀጻጸርን ክግበር መተሓሳሰቢ ተመሓላሊፉ።

ሓላፊ ሃገራዊ መደብ ክታበት ኣቶ ቴድሮስ የሕደጎ ኤርትራ ኣብ ትግባረ መደባት ክታበት ብኣብነት ከም እትጥቀስ ብምርግጋጽ፡ ኣብ ጸገሕ ናጽነት 10 ሚእታዊት ዝነበረ ሽፋን ክታበት ህጻናት፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ናብ 97 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣረዲኡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ኮሎኔል ጉብረያሃንስ ወልደገርግስ፡ ምውሓስ ጥዕና ህጻናትን ቈልዑን - ምውሓስ ጥዑይ ሕብረተሰብን ሃገርን ብምዃኑ፡ እቲ ወፍሪ ንኽዕወት፡ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ተራ፡ ብቐንዱ ድማ ናይ ኣመሓደርቲ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ፡ እኹል መሳለጥያታት ብኣጋ ክቐረብ ኣዘኻኺሮም።

ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩበላን ምዕዳል ቫይታሚን "ኤ"ን ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024 ኣብ መላእ ሃገር ክካየድ እዩ።



ስእሊ - የውሃንስ ሙብራህቱ

## ዓንሰባ - ሰፊሕ ወፈራታት ልምዓት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባታት ዓዲተክሌዛንን ዒላበርዕድን፡ ብዕዙዝ ተሳትፎ ከም፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኮረ ሰፊሕ ወፈራታት ልምዓት ይሰላሰል ኣሎ።

እቲ ካብ ወርሒ ጥሪ ዝተጀመረ መደብ፡ ብቐንዱ ኣብ መሬት ሕርሻ ይትግበር ከምዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋልደት ጉብረብርሃን፡ ምፍዋስ ማይ ክዖታት እውን ከምዝጠቓልል ገሊጹ።

እዚ ክሳብ ወርሒ ግንቦት ዝቕጽል መደብ፡ ማይ ብዘየባኽን ብምዕቃብ እቶትን እቶታውነትን ንምዕባይ ዝዓለመ'ዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ - ምምሕዳራት ከበቢ ሸዕቡ ሰላምን ደብረሲናን ተመሳሳሊ ንጥፈታት ይዕመም ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ምምሕዳር ከበቢ ደብረሲና 7 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ ጽርግያ ክጽገን ከሎ፡ ልዕሊ 1,100 ሜትሮ መእለዩ ውሕጅ ተሰሪሑ፣ ኣብ ምምሕዳር ከበቢ ሸዕቡሰለብ ድማ ኣስታት 20 ሽሕ ሜትሮ ዛላ ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታ ከምእተሰርሐን ልዕሊ ዓሰርተ ሽሕ ሜትሮ ኩሶ ከትሪ ከምእተሰርሐ፡ ክኢላታት ሕርሻ ገሊጾም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንረቡሓታት ናይ'ቲ ዝስላሰል ዘሎ ንጥፈታት ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለን ብዝተወደበ መንገዲን ከምዝደፍኣሉ ኣረጋጊጾም።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምስሳን ይሰራሕ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ልግሲ ደም ዘሎ ኣፍልጦን ንቕሓትን ብምዕባይ ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምስሳን ዝዓለመ ኳዕሳ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካዪዱ።

እቲ ብሞያውያን ጥዕና ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ምልጋስ ደም ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምድሓን ህይወት ዘለዎ ኣበርክቶ፡ ለገስቲ ዓይነት ደሞምን ኩነታት ጥዕናኦምን ዝፈልጡሉ ኣጋጣሚ ስለዝኾነ፡ ከም ባህሊ ክሰርጽ ዝግብኦ ሰናይ ተግባር ምዃኑ በሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ዐሰሞን ዓብደቓድር ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ህላወ'ቲ ጨንፈር ኣብ'ቲ ዞባ ዛጊት ዝገበሮ ኣበርክቶን ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝተረፉ ንኡስ ዞባታት ተመሳሳሊ ኳዕሳታት ንምክያድ መደብ ስለዘሎ፡ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ምትሕብባርን ክዕዘዝ ተላቢዩ።

## ደቡብ - ኣብ ገስጋስ ውጽኢት ተመሃሮ ዘተኮረ ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ወጽኢት 3ይን 5ይን ክፍሊ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ዘተኮረ ዘተ፡ ብ6 ሚያዝያ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ዳይረክተራትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ሓላፊት ጨንፈር ምዘናን ሃገራዊ መርመራን ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ዕላማ'ቲ መደብ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ወጽኢተን ብምፍላጥ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲረን ተመኩሮ ክለዋወጣ ምዃኑ ብምብራህ፡ ኣብ'ዚ ንኻልኣይ ግዜኡ ዝተኻየደን 83 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝሳተፋ ገምጋም፡ እተን 22 ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ዞባ ደቡብ ከምዝተሰና ኣሰሪሩ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ ተራ ደቀኣንስትዮ መምህራን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ጉሊሑ ከምእተራእየ ዝገለጸት ዶ/ር ሓሊማ፡ ኣብ 2023 ካብ ዝሓለፈ ዘርያታት ብዝተፈልየ፡ መምህራንን ዳይረክተራትን ኩይናን ምስታፈን ዝተባብዕ ምዃኑ ኣገንዚባ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምዘና መምህር ትኩእ ኪዳነ ብወገኑ፡ እቲ ገምጋም - ጾታን ዕድመን ተመሃሮ፡ ተመኩሮን ደረጃ ትምህርትን መምህራኖም ከምኡ'ውን ወጽኢት ተመሃሮ ኣብ ከተማን ገጠርን ዝርከቦ ረቛሒታት ዘጠቓልል ምንባሩ ብምሕባር፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንዝተረኽበ ወጽኢት ዝምልከት ብኣሃዛት ዝተሰነየ ወጽኢት ገሊጹ።

ዳይረክተር ካሪክለም ኣቶ ኣብርሃም ርእሶም ድማ፡ ዝተኻየደ ምዘና ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘለዎ ግደ ልዑል ምዃኑ ጠቒሱ፡ መምህራን ዘለዎም ድኽመት ኣለልዮም ንተመሃሮኦም ኣብ ምሕጋዝ ዝያዳ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ መደብ ንጹር ስእሊ ዝሀበ ስለዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ ብምልባው፡ ተራ ስልጠና መምህራን ክዕዘዝ፣ ወጽኢት ተወሳኺ ደገፍ ብዝገብእ ክርአ፣ ደገፍቲ መጽሓፍቲ ዝሕተሙሉን ዝዝርግሑሉን ባይታ ክፍጠር፣ ኣብ ትምህርቲ ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ክውደብ፣ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ 3ይን 5ይን ክፍልታት ኣተኲሩ ብክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዝካየድ ገምጋም ወጽኢት ትምህርቲ፡ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ 2001፡ 2008፡ 2015ን 2018ን ተኻዪዱ'ዩ።



ስእሊ - ሸዊት ንብረብርሃን

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ስሩዕ ምኳን - ሓደ ካብ ውጽኢታዊ ባህሪ ተመሃራይ (I)

ህይወት ብግዜ'ያ ትዕቀን። ግዜ መጥመር ኩሉ ህይወትና'ዩ። እንገበሮን እንሓስቦን ዘበለ ኣብ መቓን ግዜ ኣእቲና ኢና እንኸዶ። "ናይ ምሸት ከምዚ ኣለኹ።" "ጽባሕ እዚን እዚን ክገብር'የ።" "እዚ ዓመት ከምዚ ገይረ ክኸዶ'የ።" "ምስ ዓበኹ እዚን እዚን ክበጽሖ ኣለኒ።" ወዘተ እናበልና ንልክዖ ንጥፈታትና፡ ሕልምታትና፡ ኰታ ኩሉ ነገራትና ኣብ መቓን ግዜ ነእቱዎ። እቲ "ናይ ምሸት፡ ጽባሕ፡ እዚ ዓመት፡ ምስ ዓበኹ፡" ተባሂሉ ዘሎ ኩሉ መዐቀኒታት ግዜ እዩ። ንጥፈታትና ኣብ ግዜ ኣትዩም'ዮም ዝዕቀኑ። ስለዚ ግዜ ኣብ ህይወትና ዘይንዓቕ ኣምር ኰይኑ ኣሎ። ንግዜ ምንዓቕ፡ ንውድቀት ምጽዋዕ ክኸውን እንከሎ፡ ንግዜ ምኽባርን ምጥቃምን ከኣ ንዕብየትን ዓወትን ምጽዋዕ እዩ። ሓደ ካብ ዝበለጹ ባህርያት ዕውት ተመሃራይ እምበር ንግዜ ብግቡእ ክጥቀመሉ ምኽኣል እዩ። ንግዜ ብግቡእ ዝጥቀመሉ ተመሃራይ ከኣ መገዱን ንጥፈታቱን ወትሩ ስሩዓት ይኾኑ። ኣብ ከባቢኹም ዘለው ንፉዓትን ዕውታትን ተመሃሮ ተስተብህልሎምዶ? ከመይ ከመይ ይውዕሉ? እንታይ እንታይ ይገብሩ? ብኣካይዳኦምን ኣታሕዛ ነገራቶምን ስሩዓት ብምዃኖም ምስ ንፉዓት ወይ ግዱሳት ትቐጽሩዎም ተመሃሮ ኣለውዶ? እሞ ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ኣብ ኣካዳምያዊ ውጽኢቶም ዝምስገኑ መማህርትኹም ኣካይዳኦም ዘክሩ።

ትምህርቲ ወዲሰብ ቀጻልነቱ ንኸውሕስ ካብ ዝሓገዙዎ ርኽበታቱ እዩ። ህጻን ውልድ ካብ ዝብል ካብ ከባቢኡ ዝመሃሮ እልቢ ዘይብሉ ትምህርቲ ኣሎ። ንሱ እናዓበየ፡ ክመሃሮ ዘለዎ'ውን እናዕበየ ይኸይድ። ዕድመኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸደሉ ዝኽእል ምስ ኰነ ኸኣ ትምህርቲ ብስሩዕ በብደረጃኡ ይወሃቦ። ኣብ ዕድመ ክቱትናኡ ኸኣ ትምህርቲ ወለዱ ናብ ትምህርቲ ስለ ዘለኣኹዎ ጥራይ ዘይኰነ ረብሓኡ ምዃኑ ይርድኦ። ህይወቱ ብዝቐለለ ንኽመርሕ ከኣ ኣብ እዋን ንእስነቱ



መሰዋእቲ ይኸፈል። መሰዋእቱ ኸኣ ንግዜኡ ብግቡእ ብምጥቃም ይመሃረሉ፣ ይመራመረሉ።

እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክገብሮ ዘለዎ ንጥፈታት ኩሉ ተሰሪዑ ይከታተሎ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቱ ኰነ መጽናዕቱ ዝገብሮ ዘበለ ኸኣ ኣይከብዶን። እኳ ደኣ ግዜኡ ቀራቒሩ፡ ኣዋሊዱ፡ ንኽውስኸሉ ይስስዕ፣ ዚያዳ ይመራመር። ንግዜኻን ዕማምካን ሰሪዕካ ምኻድ ሓደ ካብ ባህርያት ዕውታት ተመሃሮ ብምዃኑ ኸኣ ንኽዕወት ኣይሸግሮን። እቶም ናይ ትምህርቲ ንጥፈታት ዝቐሎም ዝበዝሐ ግዜ፤

- ነብሶም ክኢሎም ክሰርሑ ኣይጽገሙን፣

- ዕማሞም ምስ ኰነታትን ሰደቓ ግዜኦምን ዝጠዓዓም ይገብሩዎ፣

- ኣጥቢቖም ምሓዝ የዘውትሩ፣

- ዝጀመሩዎ ከይወድኡ ኣይቀስኑን፣

- እናተፈለጦም ብሕመቕም ዝመጽእ ጉድለት ቀዲሞም ይኣልዩ።

ንኽንዕወት ንግዜና ብውሑሉል መገዲ ክንጥቀመሉ የድሊ። ግዜና ብግቡእ መቒልና ክንሕዞን በቲ ዝሰራዕካናዮ መደብ ድማ ጠቢቕና ክንጓዓዝን የድልየና። እዚ ብሰደቓ 1 ተጠቒሱ፡ ብጸጋም ወገን ዘሎ ሰደቓ ብምምላእ ግዜና ኣበየናይ ደረጃ ኣሎ ነለሊ።

ነዚ ሰደቓ ምስ መላእኩም ኣብ ትምህርቲ ንሰሙን ክንደይ ሰዓታት ይጠፍእ? ኣብ ስራሕ ገዛ ክንደይ ሰዓታት? ንመጽናዕቲ? ወዘተ ጽቡቕ ገይርኩም ፈሊጥኩም ኣለኹም። ብዘይካ እዚ ኣብ ሰደቓ ዘሎ ንጥፈታት፡ ከም ኣብነት ዝቐረበ እምበር ሰሙናዊ ዝህሉወኩም ንጥፈታት ንስኹም ጽቡቕ ገይርኩም ትፈልጡዎ። ኩሉ እትገብሩዎ ኸኣ ኣብ ከምዚ ተመሳሳሊ ሰደቓ ምልኡዎ።

ምስ መላእኩሞ ሰሙን ኣበይ ከም እተሕልፉዋ ክርደኣኩም እዩ። ሰሙን ኣበይ ተሕልፉዋ እንተ ኣስተውዒልኩም ድማ ዓመት ኣበይ ከም ዘሕለፍኩማ ክትርድኡ ኢኹም። ዓመት ከመይ ከም እተሓልፍ ክትርድኡ እንከለኹም ከኣ ህይወትኩም ብኸመይ ተሕልፉዎ ከም ዘለኹም ንኽተስተውዕሉ ከም ዘይትጽገሙ ርግጸኛታት ኢና።

ኣብ ሰሙን ሓደ ሚእቲን ሱሳን ሸሞንተን (168) ሰዓታት ኣለዋ። እዘን ስሩዓት 168 ሰዓታት ከኣ መሳርዕ ህይወትኩም እየን። እቶም ኣብ ሰሙን ከም እትገብሩወን ዝገለጽኩመን ንጥፈታት ከምዚ ብሰደቓ 2 ተጠቒሱ ዘሎ፡ ብየማን ወገን ዝተቐመጠ ሰደቓ፡ ኣብ በበይነን ሰደቓ ምልኡወን ወይ ምቐሉወን፤

እዘን ሰለስተ ኣርእስትታት ዘለወን ሰደቓታት ምስ መላእኩም ተመልከቱዎ። እቲ እወታዊ ጥቕሚ ዘለዎ ግዜኹም ብጸጋም፡ እቲ ብኣንጻሩ ኸኣ ብየማን ተሰሪዑ እንሆ። ሓደ ብሓደ ምስ ተመልከትኩሞ ግዜኹም ብዝያዳ ኣበይ ከም እተሕልፉዎ ክበርሃልኩም እዩ።

ብኸምዚ ኣገባብ ሰሙናዊ ንጥፈታቶም ክርድኡ ካብ ዝፈተኑ ተመሃሮ ዝረኸብናዮ ግብረመልሲ፤ እቲ ዝበዝሐ ግዜኦም ዘጥፍእ ጸወታ (ስፖርት)፡ ዕላል ምስ መዛኑ፡ ምዕዛብ ፊልም ወይ ተለቭዥን፡ ዘይተጸበዩዎ ሰብ እናመጽኦ፡ እቲ ዝዓበየት ከኣ "ኣይፋለይን ኣይጥዕመንን'ዩ።" ዘይምባል ኰይኑ ረኺብናዮ። ናትኩምከ?

| ተ.ቁ | ንጥፈት | ዝወሰዶ ሰዓታት |
|---|---|---|
| 1 | ትምህርቲ | |
| 2 | መጽናዕቲ - (ዕዮ-ገዛ፡ ፕሮጀክት፡ ወዘተ.) | |
| 3 | ስራሕ ገዛ (ወይ ዝኾነ ስድራቤታዊ ሓላፍነት) | |
| 4 | ስፖርት | |
| 5 | ድቃስ | |
| 6 | ምግቢ | |
| 7 | ምዝንጋዕ | |
| 8 | ካልእ ተወሳኺ ንጥፈታት | |
| ድምር ሰዓታ | | 168 |

ሰደቓ 1. ዝርዝር ዘሰላሰልናዮ ንጥፈታት ብሰዓታት

| ተ.ቁ | ኣገዳሲ | ዘይየገድስ |
|---|---|---|
| 1 | ትምህርቲ | ፊልም ምዕዛብ |
| 2 | ምግቢ | በለኸካ ለፋዒካ |

| ተ.ቁ | ጠቓሚ | ዘይጠቓሚ |
|---|---|---|
| 1 | ስፖርት | ወረ |
| 2 | መጽናዕቲ | ስቕ ኢልካ ኮለል |

| ተ.ቁ | ፍረ ዘለዎ | ፍረ ዘይብሉ |
|---|---|---|
| 1 | መጽናዕቲ | ምሉእ መዓልቲ ዕላል |
| 2 | ምክንኻን ኣትክልቲ | ተኸታታሊ ፊልም ምዕዛብ |

ሰደቓ 2. ዝርዝር ዘሰላሰልናዮ ንጥፈታት በብዓይነቶም

### ዳእላ ተመሃሮ



Teacher : if you want to make your character good, then say all woman 'Mother'.

Student: well that will make my character good, but what about my Father?

***

ሜሪ ማና

### ግድል



ሓደ እዋን ሰለስተ ብስሞም ዝኹርዑ ኣዕሩኽ ብሓደ ይኸዱ ነበሩ። ስሞም ድማ ኣቶ ብጫ፡ ኣቶ ቀጠልያን ኣቶ ሓመዳውን ነበረ። ሕብሪ ለቢሶሞ ዝነበሩ ካራባታ ዝተፈላለየ ኰይኑ፡ ብጫ፡ ቀጠልያን ሓመዳውን ለቢሶም ነበሩ። ኣቶ ብጫ ንኣከዳድነኦም ብምስትውዓል፡ "ረኣዩ ብጾተይ እዚ ለቢስናዮ ዘለና ካራባታስ፡ ምስ ስምና'ምበር በበይኑ ኰይኑ?" በሎም። ኩሎም ድሕሪ ምግራም፡ እቲ ቀጠልያ ካራባታ ለቢሱ ዝነበረ ብጻዮም፡ "ኣሃ! ጽቡቕ ኣለኻ።" ኢሉ መለሰሉ።

መን ኣየናይ ሕብሪ ካራባት ወድዩ ነይሩ?


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጾ. 1284


**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

"ስእለ-ኣእምሮና፡ በጺሕናዮ ናብ ዘይንፈልጥ ዓለም የጓዕዘና፣ ብዘይ ብእኡ ግን ናብ ነብሎ የብልናን።"

- Carl Sagan

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ




# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ዛንታ ኣቦይን ኣዕሩኽቱን

ገዛና ብፍቕሪ ዝመልአት ቤት እያ ትመስሊ ነይራ። እዚ ርድኢትዚ ኣብ ውሽጠይ ክሓድር ዝኸኣለ ብዙሓት ነባይ መኣርሕተ፡ መታዕበይተ፡ ጎረባብተ ከይተረፉ ኣብ ገዛና ወጻዕ ክብሉ ይዕዘብ ስለ ዝነበርኩ እየ። ምናልባት ብዕድመ ንእሽቶ ስለ ዝነበርኩ፡ እንታይነት ፍቕሪ ኪኾኑ ተኣኪብካ ምስኣቐ፡ ምብላዕን ምዕላልን ካልእ ትርጉም ይህቦ ኣይነበርኩን።

ኣቦይ፡ ኣብ ጉዘውትና ካብ ዝርከቡ ኣቦታት ዚያዳ ብብዙሓት ሰባት ዝፍቶ ምንባሩ ጥራይ እዩ ነይሩ። ምስጢር ፍትወት ኣቦይ ክንጽረለይ ዕድመይ የፍቅደለይ ኣይነበረን። ዝደለናዮ ስኢንና ዘይንፈልጥ ሰብ ጸጋ ምንባርናውን ካብ ኣእምሮይ ዘይሃሰሰ ተዘክሮታተይ እዩ።

መዓስ እዚ ጥራይ፡ ኣዕሩኽ ኣቦይ ናብ ገዛና ክመጹ ከለዉ፡ ማእለያ ዘይብሉ ካራሜላታት፡ ባምቡላታትን ካልእ መጻወቲ ቀንጡመንጢን ይማልኡለይ ብምንባሮም፡ ኣዚያ እየ ዝፈትዎም ነይረ። እዚ ግን፡ ክሱብ ናብራ ገዛና ርጉእ ዝነበረሉ እዋን እዩ ቀጺሉ።

ድሕሪ ግዜ፡ ጥበ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል ካብ ዕለት ናብ ዕለት ኣታዊታቱ ክንቁልቁልን ናይ ቁጠባ መሰረታቱ ክለቃቐቕን ጀመረ። ኣይጸንሐን፡ ኣብ ዝቐጸለ ሓደት ዓመታት እቲ ትካል ፋጹም ጠፈሸ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ እቶም ለይቲን መዓልቲን ካብ ቤትና ርሒቖም ዘይፈልጡ ኣዕሩኽ ኣቦይ እግሮም ከሕጽሩ ተረኣዩ። ከም ቀደሞም ከዕልሉን ክተኣኻኸቡንኢ ይትረፍ፡ ደሃይ ኣቦይ ንምፍላጥ ከማን ዝሓተትሉ እዋናት ኣይነበረን። እዚ ኩሉ ክኸውን እንከሎ፡ ምስጢሩ ብልክዕ ደፈልጦ ኣይነበርኩን። ከምዚ ኢሉ ንኸንደይ ግዜ ከም ዝተሓሰሰዚውን ክዝክር ኣይክእልን እየ። እታ እንኮ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣተግበረያ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝዝክራ ወሳ ግና፡ ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ንኣደይ ዝተወከስኩላ ህሞት እያ ነይራ።



"ማማ፡ ኣዕሩኽ ኣቦይ ከ ድኣ? እንታይ ኰይናም ከም ቀደሞም ናብ ገዛና ዘይመጹ ዘለዉ?" ክብል እየ ተወኪሰያ። ልዕሊ ምጥፋኦም፡ እቲ ካብኦም ዝረኽቦ ዝነበርኩ መጻወቲ ህያባትን ሸኮራዊ መግቢታትን እናተረእዩ እየ ሓቲተያ።

ማማ ግን፡ "ኣዕሩኽቱ!" ክትብል ጥራይ ኢያ መሊሳትለይ።

"እወ፡ ንምንታይ ክበጽሑና ዘይመጹ ዘለዉ?" ዘይሰማዕትኒ ከይትኸውን እናተሰከፍኩ ሕቶይ ደጊመኩላ።

ማማ፡ "ይቕሬታ ምጩው ወደይ፡ ኣቦኻ ኣዕሩኽ ኣይነበርዎን። እቶም ኣዕሩኽቱ ትብሎም ዘለኻ ኩሎም ቅድሚ ሎሚ ብልክዕ ኣዕሩኽቱ ኣይነበሩን። ናይ ሓሶት፡ ናይ በለጽ፡ ናይ ረብሓ ኣዕሩኽ እዮም። ልክዕ ከም ጽላሎት ማለት'ዩ። ጽላሎት መቸም ኣይትፈልጦን ኢኻ ኣይብልን እዩ። ጽላሎት ቀትሪ ምሳኻ ወዒሉ፡ ለይቲ ብርሃን እንተዘይ ረኺቡኻ ፍጹም ዘይርአ ነገር እዩ። ኣዕሩኽ ኣቦኻ ድማ ከምዚ እዮም ነይሮም። ኣብ ግዜ ብርሃንን ራህዋ ዝመልኦ ምቁር ግዜን ኣብ ጎኒ ኣቦኻ ብምዃን ኩሉ ጸጋታቱን ሃብቱን እናተቐበሉ መንጨቶም ወዲኦምዎ እዮም። ድሕሪዚ፡ ኣብ'ቲ ሰብ ዝደልየሉ ሽግር ዝበዝሖ ናይ ጸልማት እዋን ከረያ ነረ ክኾኑ ተረኢዮም። ስለዚ ድማ እየ ኣቦኻ ኣዕሩኽ ኣይነበሩዎን ዝበልኩ ዘለኹ። ነይሮምዎ እንተ ኰይኖም ድማ፡ ናይ ሓሶት እምበር ናይ ሓቂ ኣዕሩኽ ኣይነበሩን" ብምባል ዘርዚራ ክትገልጸለይ እኽላ ሎሚ ትዝ ይብለኒ።

ብርግጽ ኣብቲ እዋን ብዛዕባ ናይ ሓሶት ኣዕሩኽ ዝኸሓ ኣፍልጦ ኣይነበረንን፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ ብኸሉ መለክዒታት ህጻን ስለ ዝነበርኩ። ሎሚ፡ ዓመታት ምስ ሓለፈ ግና ሓደ ነገር ተማሂረ። ንሱ ድማ፡ እታ ኩሉ ነገር ዝሸፍርካ መዓልቲ፡ እታ ቅሉዓት ኣዕሩኽትኻ ብርግጽ እተለለየላ ግዜ ምዃና እያ ክየገዝዝብ ክኢሉ፡ ብሓፈሻ፡ ዛንታ ኣቦይን ኣዕሩኽቱን ክሱብ ሎሚ ኣብ ሰእሉ-ኣእምሮይ ፍሉይ ቦታ ሒዙ ዘሎ ህሞት እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ነቶም ኣብ ግዜ ብርሃን ከም ጽላሎት ምሳኻ ጽልግልግ ኣብ ዝበለሉን ሓገዝ ኣብ እትደልየሉን ኩነት ድማ በሃንቲ ምዃናም ዘማረኒ ኢጋጣሚ ብምዃኑ፡ ካብ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ክጥንቀቕ ከምዘለኒ ወትሩ ዝዝክራ ህያው ኣብነት ኩይና ተሳልዩኒ ስለዘላ።

## ወይ ሰብ ምኳን

ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝተለላኸዮም ሰባት፡ ኣጦኻ ዘለዎም መረዳእታ ኩነ



መግለጺ ብዘዘዋዋሪ ምስ ትሰምዖ ኣዚዩ ክድንጽወካ ይኽእል እዩ። "ንሰብ እፈትዎ እምበር ይፈትወኒ እዩ ኣይትበል" ከም ዝተባህለ፡ ሰባት ብኸመይ መንገዲ ይገልጹኻ ክትፈልጦም ኣይክኣልን እዩ። ባህሪ ደቂ-ሰብ ሓደ ካብቲ ፊጹምካ ዘይግመት እዩ። ናትይ ኢልካ ዝቐረብካዮ ሰብ ምናልባት መስሓቲያን እንተ ረኺቡ፡ ንዓኻ ክጸልም ወዓሉ ክሓድር ዝቐልሎ ኮይኑ ክትረኽቦ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ መሰረታዊ ነገር ግና እዚ ኣይኮነን። ንሰብ ዋላ በቲ ንሱ ዝደልዮ መልክዑ ጠቢዩ፡ ክእለት ይኹን ባህሪ ከይዱ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ሃዋህው ግዳይ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ካብ ምኳን ግን ክተምልጥ ዝከኣል ኣይኮነን።

ባህሪ ሰብ መትሓዚ የብሉን። ገለ ይቐርበኻ፡ የፍቅረካ፡ ይምዕደካ፡ የለምኖካ፡ ይምህረካ፡ የኽብረካ፡ ይንእደካ፡ የማስየካ፡ ይሕግሰልካ፣ ገለ ከኣ ይርሕቀካ፡ ይዋረዘየልካ፡ የጥፍኣካ፡ የጹልኣካ፡ ይንዕቀካ፡ የሕስረካ፡ ይቓንኣልካ፡ ወዘተ. ኩሉ ወዮ እዩ። ወይ ናይ ሰብ ነገር! እዚ ኩሉ ይጉበር - ጥዑምን ሕሰምን። ግናኸ ሰባት ክሱብ ዝኾንና ምስ ሰባት ክንነብር ባህሪ የገድደና። ከምዚ ካብ ኮነ ንዝኾንነፈና ዝተፈላለዩ ገጸ-ባህርያትን እንታይነትን ሰባት ከም ኣመጻጽኦኡ ናይ ምቕባል ኣኽእሎ ይሃበና።


ቤተልሄም ሰመረ ካብ ኣስመራ

## ከም ትሑዝ ኣይትውሰዶ!

ሙብዝሕተኦም ሰባት፡ መዓልታዊ ካብ ቤቶም ናብ ስርሖም ወፈሮም ክኣትዉ እንከለዉ፡ ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ኩነታት ስርሖም ምስ ዝሓቶም፡ ዝደጋገም መልሲ ኣለዎም። ገለ ካብ'ቶም መልሲታት፡ "ክላእ ስራሕ እንታይ ከይከውን ሃዋና ሐሁዘ። ኣለና ነኣቱ ንወጽእ፡ በጺሕና ንመጽእ።" ዝብሉ ይርከብዎም። እዚ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ስርሑ ዘለዎ ኣድማዕነት ንምግላጽን ንምርኣይን ኣይኮነን ከም ኣብኡ ነቒርዎ ዘሎና። እንታይ ድኣ፡ ወትሩ ሓደ ክየገዝኦ ዝነበሮ ጉዳይ ረሰዑ ከምዚሉ ንምዝኽኻር እምበር። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እዙም ሰባት ሓደ መረዳእታ ኣሎ። ንሱ ከኣ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን ንዘፍጽምዎ ተግባር ከም ትሑዝ ስለ ዝርእይዎ እዩ። ወፈርካ ምምላስ፡ ደቂኻ ምትንሳእ፡ ወጸእኻ ምእታው፡ ሓሚምካ ምጥዓይ፡ በሊዕካ ምስታይ፡ ወዘተ. ነዞም ነገራት ከም ትሓዝቶ ክወሰድዎም ስለ ዝርአዩ እዩ።

ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ክበድቲ ስርሓት ክተሰላሰል ኣይክኣልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ንኽልቲኤ ከተሰላስል ክትብል ንሓደኡ ክትከስሮ ስለትኽእል። ጠንቂ ናይዚ ከኣ ዝተፈራረቐ ሰሚዒታትን ኣተኩሮን ሒዝካ ምጉዓዝ ከቢድ ስለዝኾነ እዩ። ከተማርጽ ክትብል ኣብ ሞንጎ ሓዲግ ምትራፍ ከምዘሎ ኣይትዘንግዖ። ነቲ ዘለካ ተጠንቂቕካ ሓዞ። ኣብ ህይወት፡ ተኣማሚንካ እዚ ትሑዝ እዩ ትብሎ ሰብ ይኹን ጥራ-ነገር የለን። ንዝኤርእሽካ ካብ ክውንነት ኣውጺእካ ኣይተታልል። ህይወት ሓጻር እያ። ወጽኢት መቕረታ ድማ ኣብ'ቶም ንኣሽቱ እንብሎም ናይ ምርጫ ውሳኔታትና እዩ ዝምርኩሱ።

በዚ ኢልካ በቲ፡ ኣብ ህይወት ከምቲ ምርካብ ምስኣን፡ ድሕሪ ምስኣንውን ምርካብ ከምዘሎ ኣይትዘንግዖ። ነገራት ካብ መምስ ሰኣንካዮ ምምራርን ምጭብርባርን ሎሚ ከለኻን ከሎኻን ተመሰገን ምባል ተመሃር። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ምስጋና ኩሉ ስለ ዘሎ። ደቂ ሰብ፡ ንሓደ ነገር ዚያዳ ኣተኩሮ ሂብና ክንሰርሖ ምስ እንፍትን ኢና ብሉጽ ወጽኢት ክንረኽበሉ እንኽእል። ስለዚ፡ እቲ ኣብ ምንባር ክንኮኖ እንሓልሞ ህይወት ንምጭባጥ እንሓልፎ ውረድ ደይብ ዝመልኦ ንጥፈታት ህይወት፡ ከም ልሙድን ትሑዝን ክንወስዶ ኣይግባእን። ጸባሕ እንታይ ከም እትወልድ ክሱብ ዘይፈለጥና፡ ነቲ ዝጀመርናዮ እናጸፈፍናን ብዘለና እናኣመስገንና ክንሓልፎ ይምረጽ።



## መቑሸሽ ቁርሲ ሰንበት

\# ኣብ ፍቕሪ ዳርጋ ክንዲ መርድእ ዝኸውን ጥልመት ዝበዝሐ ስለ ዘሎ፡



ልብኻ ክሱብ ዝጠፍኣካ ኣይተፍቅር።

\# ተጋግዩ ኢልካ ኣይትሸቑረር፡ ካብ ጌጋኻ ግን ተማሃር።

\# ሰዲትን ግዜን ሓደ ዘመሳስል ነገር ኣለዎም፡ ንሱ ከኣ የላልዩን ይፈላልዩን ስለ ዝኾኑ እዩ።

\# ልብይ ወሲደኽለይ ልብይ ምለስለይ እናበልካ፡ ነፍሰኻ ኣይተታልል፣ ሰባት ኣይተሸግር። ሓደ ነገር ክትፈልጦ ዘለካ፡ ልብኻ ምሳኻ ኢያ ዘላ።

\# ዘይትፈልጦ ንኽትፈልጦን ዝደለኻዮ ንኽትረኽቦን ሕተት።

\# ብህላወ ገኑት ትጠራጠር እንተደኣ ኰንካ፡ ብዓበኡ እምነት ኣብ ሃይማኖትካ ፈሪሱ ኣሎ።

\# ፖለቲካ፡ ብሓቂ ወይ ብሓሶት ወይ ድማ ብሽቅታ፡ ንሓደ ሰብ ወይ ሕብረተ-ሰብ ከተእምን እትጥቀመሉ ሜላ ኢዩ።

\# ሎሚ ተሸገረ እናበልካ ትኣብሮ ዘለኻ፡ እናሰሓቕካ እተዘንትወሉ ግዜ ርሑቕ ኣይኮነን። ግናኸ ጽምም ምባል ከም ዘድልየካ ዘክር።

\# እቲ ዝበለጸ ጺጋ፡ ብሰላም ካብ ዓራትካ ምትንሳእን ወፈርካ ምምላስን እዩ።

ጸጋዝኣብ ገብረእግዚኣብሄር

### ምስላ ንደለይቲ ልቦና

ርእየ ዝበለ ጣጣ የምጽእ፡ ኣይረኣኹን ዝበለ ካብ ጣጣ ይወጽእ።

ርሑቕ ኣይቕረብካ፡ ቀረባ ኣይርሓቐካ።

ሮምሚቲ ከብዲ ንግሆ መለእኽቲ ምሸት ተውዲ።

ረጉድ በትሪ እንተዘይ ወቐዕሉ የፈራርሀሉ።

ሓደ ኢድካ እንጀራ ብልዓሉ፡ ሓደ ኢድካ ንድኻ ርድኣሉ።

ዝረኣየኦ ክዛረብ፡ ኣዒንተን ኣንቁረ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV


| | |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኣርበኻስ |
| 09:25 | ፊያሪ |
| 10:00 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሜጆር |
| 13:00 | ደክተራት ኣብ ስትደዮ ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዚቃ |
| 16:30 | እንዳ ዘማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:20 | መስተጽር |
| 18:00 | ደክመንታሪ |
| 18:30 | ህርመት |
| 20:00 | ዜናትግረ |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

### ሰኑይ

| | |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዜና ስፖርት |
| 13:30 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ስፖርታዊ ጸብጻብ ጋና |
| 16:00 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜናትግረ |
| 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ቀላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

**ርእይቶ**

# ዓውዲ-ፊልም ሃገርና ናበይ ገጹ እዩ. . .?




ኣብ ዕድመና ዘርከብናለን - ገለኣን ካብ ኣእምሮና ዘይሃስስ ዝኸሪ ኣንበረን ዝሓለፉ ገለ ከኣ ኾና ዝቐጸላ ዘለዋ ፊልምታት እስከ ንዘክር። ብወገኑ ፊልምታት 'ኣርብዓ'፡ 'የጋ' ወዲ ጎቦ፡ 'ታይታኒክ'፡ 'ላቭ ኢን ቶክዮ'. . .። ንመሃዝከ ነድንቐ? ጸልዋአን ኣብ ኣተሓሳስባና፡ ኣካይዳናን ኣከዳድናናንከ ክሳብ ክንደይ ይኸውን?

ኣብ ግዝአን ዝበረ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታት፡ ሰንበት መጺኣ ኣብ ሲኒማታት ዝረአ ዝበረ ተወዛዋዚሕን ጸቕጥቕጥን፡ ረጋ ተሰሪዑካ ንእትቐርብ ፊልም በበኢብረ ንምዕዛብ. . .! ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ኮፍ መበሊ ሰኢንካ ብደውካ ፊልም ምልእቲ ክትዕዘብ ንዘበረ ተምሳጥ እስከ ብኸመይ ንዘክሮ?

ፊልሚ፡ እኩብ ድግምጋም ናይ ብዙሓት ደረቕ ሰእልታት ኮይኑ፡ ኣብ




ስክሪን ኣብ እንዕዘበሉ ግዜ - ብመልክዕ ተንቀሳቓሲ ይቐርብ። ዓውዲ ፊልም ልክዕ ከም መዚቃን ስነጽሑፍን ኣካል ባህላዊ ጥበባት ሓደ ሕብረተሰብ ኮይኑ፤ ካብ ባህሊ ወጻኢ ባህሊ ይገልጽን የንጸብርቕን፤ ተመሳሲሉ ከኣ ንባህሊ ይጸልውን ይቕልሶን።

ዓውዲ ፊልም ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ዓውድታት ስነጥበብ እዩ፡ ብዘለዎ ቀልጢፍካ ኣብ ኣእምሮ ናይ ምስራጽ ባህሪ፡ ኣብ ምዝንጋዕን ምምሃርን ምህናጽ ሰረተ-ኣእምሮ መንእሰያት፡ ከም ሓያል መሳርሒ ኮይኑ የገልግል። ምኽንያቱ ዝኾነ ወዲ-ሰብ መበቆሉን ደረጃ ትምህርቱን ብስሉቱን ብዘየገድስ ካብ 1000 ቃላት - ሓንቲ ስእሊ ብምርኣይ ብዝቐለለ ክተረድኦ ስለዘኽእል። እዚ ብምግንዛብ፡ ሓያላን ምዕራባውያን ሃገራት ጸልዋአንን ልዕልነተንን ብኣውራኡ ዓብላልነተን ንምዕቃብ፡ ብዚይ ዕረፍቲ ሰሪሐንን ይሰርሓ ኣለዋን።

ኣገዳስነት ዓውደ ፊልምን ጸልዋኡን ብምርዳእ፡ ከም በዓል ሆሊውድን ቦሊውድን ዝኣመሰለ ዓርሞሸሽ ትካላት ኢንዱስትሪ ፊልም ዓለምና፡ በልዮናት ዶላራት ብጀት እናሰለዓ ባህልን ሃገራዊ ክብርታትን ናይ'ቲ መበቆለን - ኣብ ኣእምሮ መንእሰያት ንምስራጽ፡ ለይትን ቀትርን ክሰርሓ ንርእየን ኣሎና። ከም በዓል ራምቦ፡ ቻርለስ ቻፕሊን፡ ቫንዳም፡ ዝኣመሰለ ፊልምታትን መሳልተንን ከም ኣብነት እንተ ወሲድና እውን ንሓይልን መላኽነትን ምዕራባውያን ኣብ መንእሰያት ኣፍሪቃ ብፍላይ ንምስራጽ፡ ዓቢ ተራ ካብ እተጻወታ ብዙሓት ፊልምታት ገለ ኣብነት ክኾናና ይኽእላ እየን።

ኣብ'ዚ ክርደኣና ዘለዎ፡ በቲ ንኣዒንቲ ዝማርኽ ምንቅስቓሳትን ንኣእምሮ መንእሰያት ከሆርፍን ከሰስዕን ዝኽእል ኣንጸባርቕቲ ነገራትን ተሓጊዞም ኣብ ፍልስፍና-ኣእምሮ መንእሰያት እውን ዓቢ ጸልዋ ኣንበረን እየን። ጸልዋ ናይ'ዚ ኣብ ሃገርና ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ተመሃሮ መንእሰያትና - ኣብ ገበር ጥራውዝዮም፡ ዝበጽሖ ከበሕታቶምን መደቀሲ ክፍልታቶምን ኣሳእል ናይ'ዞም ገጸ-ባህርያት ምጥቃዕ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኢና ንርኽቦ።

ካብ'ዚ ንላዕሊ እውን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብና ኣትዮም ከም መግለጺ ውክሳን ባህሪያትን ጠባያትን መንእሰያትና ኮይኖም፡ ንኣስማትና ተኪኦም ዕምርና መመሳኣታ ከም ሳጓታት መጸውዒና ኮይኖም እዮም። ከም ኣብነት ምስ እንወስድ፡ ብቕልጽሙ ዝምካሕ ወይ "ዓንተር እዩ" ንዝብል ሰብ፡ ራምቦ፡ ቫንዳም ከምኡ ድማ ኑቲ ተጻዋታይን ተጫራቓይን ባህሪ ዘለዎ - ቻፕሊን ወይ ሚስተር ቢን ብምባል ክንገልጾን ከም ሳጓ ለጊብናም ንጸምም ተኪኦ ምስኦም ክንዓብን ተዓዚብና ኣለና።

ምስ'ዚ ብምውድዳር፡ ኣብ ባህልና ንዖና ዝወክልን መበቆላውነት ዘለዎን ኣሰያይማን ቅጽላትን ኣሎና፡ ዓንተር፡ ጸብደል፡ ሓፈታ. . . ኒይሩን ኣሎ። እዚ ኮይኑ ከበቕዕ ግን፡ እዚ መበቆላዊ ስያመታት እዚ ተረሲዑ፡ ካብ መምልእ. መዘከበ ቃላት ዘይሓልፍ ኣገዳስነት ሐዙ ተሪፉ ይርከብ። ካብ'ዚ እንርድኦ ዓውዲ ፊልም ብዘዮግኦ ምስ ዝሰርሓሉ ተራኡን ጸልዋኡ - ኣብ ምዕቃብን ምምዕባልን ክብርታት ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዕዙዝ እዩ።

ፊልምታት፡ ባህልን ኣተባብራን ንምንጽብራቕ፡ ባህላውን ነገራውን ክብርታትካ ምስ ካልኦት ንምልላይን ንምዕቃብን፡ ታሪኽን ቅርሲታትን ሕብረተሰብ ንምልላይን ንምስናድን - ዓቢ ጥቕምን ኣስተዋጽኦን ኣለዎ። ከም በዓል 'ማዘር ኢንዲያ፡ ታይታኒክ፡ ዑመር ሙኽታር' ዝኣመሰሉ ዓበይትን ጸለውትን ፊልምታት ምስ እንርኢ፤ ንኽም ፍቕሪ ኣደን ወላድን፡ መስገደላት ናብራ ንምምካት ዝገበር ናይ ምንባር ቃልሲ፤ ኪኖ ተጻብኦታት ሃብትኣዊ ደርቢ ሰጊሩ ዝወጽእ ፍቕርን እምነትን፡ ንሃገርን ዕላማን ዝገበር ቃልሲ፤ መስዋእትን ፍረኡን ዝኣመሰለ - ንባህልታትን ክብርታትን ህዝበንን ኣተባብራን ታሪኽን ዓደንን ኣብ ምልላይን ምጽላውን፡ ልዑል ኣድናቖትን ዝናን ኣትረፈ። ኣብ ልቢ ናይ ኩሉ ዝረኣየን/ዝተዓዘበን ከኣ ሓወልቲ ኮይነን።

ናብ ፊልምታት ሃገርና ምልስ እንተደኣ ኢልና እውን፤ ካብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ዝጀመረ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ - ንመሃዝቲ ህዝብና፡ ምረት መግዛእቲ፡ ፍቕሪ ኣደን ዓድን፡ ገድልን መስገደሉን፡ ጅግንነትን ቆራጽነትን ደግለላትን ደጊያታትን፤ ኮታ ንኹሉ ማእዘናት ህይወት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝውክሉን ዘንጸባርቑን ዓበይቲ ስራሓት ፈርዮም እዮም። ብወገኑ፡ ከም ኣብነት ንተኸታታሊት ፊልም 'ንእሽቶ ሓወይ ክንዲ ሓሙተይ' እንተ ወሲዱ፤ እዛ ፊልም እዚኣ፡ ኣብ ገጠራት ንዘሎ ህዝብና ባህሉን ኣተባብራኡን ብዘዮግኦ እተንጸባርቕ ዓባይ ስራሕ እያ እብል።

ኣብ'ዛ ፊልም ከም እንዕዘቦ - ዓይነታትን ቅዲታትን መንበሪ ገዛውቲ፡ ሕብረተሰብና ንግሕረስ'ኳ ንመዓልታዊ ዕዮ ዝጥቀመሉም ባህላዊ መሳርሒታት፡ ያታዊ ኣልባሳት መንእሰያትን ጎረዙትን፡ ኣገባብን ስርዓትን ኣተባብራ ዓዲ፡ ዳኝነት ሕጊ፡ ፍርዲ እንዳባ . . . ኮታ ብኹሉ ሸነኻታ ገጽታትን መዛረትን ንመጻኢ ግዜ እውን ከም ቅርሲን መወከሲትን ኮይና ከተገልግል እትኽእል ነባሪት ስራሕ ኮይና እረኽባ።

እዚ ኮይኑ ከበቕዕ ግና ኣብዚ ግዜ እዚ ዝፈርዩ ዘለው ፊልምታትና ኣይግድን በሃላይ እየ። መብዝሕትኦም ካብ ባህልን ክብርን ሕብረተሰብ ወጻኢ'ም ንሓደ ማዕዳ ሕብረተሰብ ዝኾኑ ባህሪያት ኣትኪሮም ሸፈሽን ብምሃብ ክሰርሑ ንርኢ ኣሎና። እዚ ኑቲ ዝጠዘሐ ክፋል ሕብረተሰብ ዘይውክል ክሱ ንምንታይ ክንድ'ዚ ኣድህቦ ክብርን ይወሃቦ ኣሎ? ዝብል ሕቶ እውን ከልዕል እፈቱ። ንሽፍታታት ሕብረተሰብ ዝኾኑ ረመስቲ ባህሪታትን ወልፍታትን ብዮሄላ ጥቡብ ተጠቒምካ ኣብ ክንዲ ምምእዛዙ ንትህኪትን ሰንፍናን ከም ቅቡል ወይ ስልጡን ባህሪ ገይርካ ምቕራብን ምትብባዕን - ምስ ምንታይ እዩ ክቅጸር? ሓሶትን ምድንጋርን ዓዲ-ወዓልን ንዘውክል ገጸ-ባህሪ ምጉላሕን ምንኣድጋሕ እንታይ እዩ ትርጉሙ? ናይ መን ባሊ.ሽ ይወቅል?




ካብኡ ዝገደደ ከኣ መዘከበ ቃላት ከምዘውሓደና - ዝተግማጠሉን ዝተሓናፈጹን ቃላት ለቓቒብካ ዝሰርሑ ስራሕ፡ ናይ ሉሚ ፊልምታት ትግርኛ ብዘይ ተርጓሚ ክትርድኦ ኣሸጋሪ እናኾነ ከምዝመጽእ ይጉብሮ ኣሎ። ተፈጥሮኣዊ ኣበራት ከም ባእባእታን ኮልታፍን ወይ ጺያፍ ዝኣመሰሉ በበይኖም ባህሪያዊ ጉድለታት - ከም ፋሽን ኣተኣታቲኻ ብዋጋ ተፈጥሮኣዊ ሰንክልናኦም ሰብ ከተስሕቐን ከተዘናግዖን ምፍታን. . .? እዚ እሞ ከኣ ሃንታ እውን ኣሎዎ።

ንሓደ ካብ ሕቖፌ ስድራን ክብርታት ሕብረተሰብን ተገሊሉ ላህጃ ቃላቱ ቀዩሩ፤ ንኣብሱን ሃገሩን ክሃንጽሉ ዝገበኦ ዕድመ - ኣብ ወልፍታት ደርቢዩ ኣብ ፈቓዶ ኣጎንለን ሻውላትን ዘወን ብምባልን ግዜኡ ኣብ ምብኳን ዝርከብ ሰብ፡ ኣብ ክንዲ ምእላይን ምምኻሕን ከም ህቡብን ተፈታውን ባህሪ ገይርካ እሞ ድማ እናደጋገምካ ክተቕርቦን ክተተባብዖን - ምዕባለ ኣይኮነን። ኣጠቓቕማ እርጉብን ቅርዑይን ቃላት ተሪፉ፡ ንዓበይትን ሽማግለታትን - 'ኣቲ' ወይ 'እዛ ስብኣይ' እናበልካ ምዝንጋል ከኣ'ሞ፡ ከም ንቡርን ዘውተርን ቃላት ኮይኑ ይቐርብ ኣሎ።

ብተወሳኺ፤ ንኽብርናን ባህልናን ዘይውክሉ ኣቀማቕማ ዘዘውተሩ - ሓደ እዝዚ እኳ ከይከውን ክልተኡ ኣእዛናም ዝተሰቖሩ ደቂ-ተባዕትዮ ምቕራብከ ንኣየናይ ባህሊ ክውክል እዩ።

ፊልምታትና፡ መግለጺታትና ንዓለም እውን እዮም። ንሓደ ዘይትፈልጦ ህዝቢን ሃገርን ንምስሊ ሕብረተሰቡን ኣተባብራኡን ክብርታቱን ደረጃ ንቕሓቱን ብመንገዲ ፊልምታቱ ተዓዚብካ ክትፈልጦን ክትርደኦን ትኽእል ኢኻ። ከም'ዚ ካብ በልና ደኣ እሞ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንህዝብና፡ ንባህሉን ንቕሓቱን ክብርታቱን - ብመንገዲ ፊልምታትና ክላለዩም ክፈልጥዎን ንዘይልዩ ከሎም፡ እንታይ ዓይነት ስእልን ምስልን ኢና ንህቦም ዘለና? ስለ'ዚ፡ እቲ እናፍርዮ ፊልሚ ኪኖ ምዝንጋዕ ፊናኣዊ ረቢሓሉ ንምኽኣል ሃገርን ሕብረተሰብን ከጸብቕ ወይ ክድውን ከም ዝኽእል ተገንዚብና፡ ብሓላፍነት ክንሰርሖ እዩ ዝግባእ።

ክም'ቲ ሓደ ካብ ዓበይቲ ጸሓፍቲ ሃገርና ኣብ መጽሓፉ ኣሰፈርዎ ዝርከብ - "ኣብ ኤርትራ፤ ካብ ሰልዲ ክትረኽብ ታሪኽ ክትረኽብ ይቐልል።" ኣብ ታሪኽ ህዝቢታትናን ባህልናን ጌና ዘይተዳሰሰን ዘይተበርበረን ድንግል ዛንታታት ብዙሕ ኣሎ። ንዘለና ሕብረ-ብሄራውነት ምርኩስ ብምግባር፤ ኣብ ሃገርና ዝርከብ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣተባብራን ታሪኽ ኩሎም ብሄራትናን ተቐዲሑ ዘይወዳእ ሩባ ዛንታ እዩ።

ከም ተወሳኺ፤ ኣብ ሃገርና ንልዕሊ 400 ዓመት ዝኸደ ዛንታ/ታሪኽ መግዛእቲ ኣሎና። እዚ ምስ ምምጻእ ነፍሲ-ወከፍ መግዛእቲ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ኑቲ ህዝቢ ንምምብርካኽ ዝገበሮ ዝበረ ፈተነታት፡ ብመንጽሩ ዝመጽእ ዝበረ እምቢታን ሸፍትነትን ንባዕሉ፤ ኣዘንትዉ እናበለ ዝጸበዩና ዘሎ ዓቢ እምባ ታሪኽ እዩ። ማህደር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፤ ኣገባብ መተባብሮኡ ኣብኡ ዝተገበረ ጅግንነት. . . ገና ሕፍንቲ ዘይተሳዕሎ ሃብቲ እዩ ።

ገለ ተመራመርቲ ታሪኽ ንወተሃደራዊ ስልትታትን ዓወታትን ሰውራ፤ ብፍላይ ድማ ከም በዓል ስርሒት ፈንቅልን ምፍራስ ናደው እዝን - ምስ ከም በዓል ስርሒት ደንብንፉ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት ዓለምና ጥራይ ከወዳድርዎምን ከድንቅዎምን ተዓዚብና ኣሎና። እዚ ዓቢ ዓወትን ሓበንን ቃልስና ዝኾነ ታሪኽ እዚ፤ ብመልክዕ ፊልምታት ምስ ዝቐርብ ኣብ ዓለም ተውዳዲሩ ዓቢ ዝናን ኣድናቖትን መትረፈ።።

እዚ ሃብታም ታሪኽ እዚ፤ ዝተፈላለየ ኩርያት እናመረጽካ ብመልክዕ ፊልም እናቐየርካ ምስናድ እንተዘሰርሓሉ - ንደረስቲ ኣዝዩ ርሒብ ባይታ መንጸፈን መተባብዕን ንተዓዘብ ከኣ ፍሉይ ዝበለ መዛርን ኣዘናጋዕን ምኾነ፣ በቲ ሓደ ጎድኒ ከኣ ንሃገራዊ ስምዒቱን ሓበኑን መበራትዒ ዝኸውን ህያው ስራሕ ምተሰርሐ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፊልምታትና ምስልናን መለለዩናን፤ ኣብ ነዊሕ ከኣ ቅርሲታትና ክሳብ ዝኾኑ፤ ንባህልናን እንኽብሮም ክብርታትናን ማእከል ስሕበት ብምግባር፤ ንዖና ዘኽብርዎን ንመጻኢ ወለዶ ከኣ ዘይበት ቅርሲ ኾይኑ ምህላውና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዓቢ ሓላፍነት ተሰሚዑና ህያው ስራሕ ክንሰርሕ - ናይ ኩላትና ሃገራዊ ሓላፍነት እዩ እብል።

**ሓሊ ሓሰን ሓሊ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Construction Supervisor**
   **Department: Process Plant**

   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Supervise mainly the Lime Plant Construction project at the same in a 'hands on' role with several both skilled and semi skilled national artisans to construct new buildings (Steel Structures, Electrical, Civil Works, Pipelines and Excavations) whilist using equipment and personal available on the Mine.
- Perform regular Safety Inspections, following a scheduled work plan, reporting back on work progress and ensure costs are within the budget. In addition, position is responsible to identify and order relevant parts and materials required for construction, following site procurement procedures. The position will include overall civil, structural, electrical and mechanical construction responsibilities ensuring all works carried out are done in a safe manner, in compliance to site HSEC regulations
-

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- oversee the construction of projects and monitor activities at worksites. They manage crews, ensure health and safety codes are observed, and that work is completed to schedule.
- Ability to manage contractor performance to ensure projects works are delivered to specification and agreed constraints.
- Monitors the section budget by reviewing past expenditures, determining future needs, and making determinations regarding the necessary resources to accomplish departmental goals.
- Maintains a safe, secure, and healthy work environment by following guidelines, standards, and procedures.
- Orders materials and equipment and takes care of the necessary permits.
- Assesses safety and finance goals. Manages sub-contractors by locating, evaluating, and selecting contractors. Meets operational standards by contributing construction information to strategic plans and reviews
- Meets construction budget by monitoring project expenditures. Accomplishes construction project results by defining project purpose and scope. Approves construction projects by conducting inspections at critical phases.
- Problem-solving: Identify and resolve technical issues and problems that arise during the project.
-

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Writing Reports & Data Control
- Supervise/Manage team

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically medically fit.
- Construction Management, Problem solving, Construction Strategy and Methodology from Experience, Manage Time, People, Materials, Coordination and Execution.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| •Degree or Diploma in Civil engineering/ Building Construction or equivalent engineering discipline or<br>•Has 10 years of managing construction experience.<br>•Has the construction experience in Civils, Structural, Piping, Mechanical and oversee Electrical Installations<br>•Proven ability to manage multiple projects simultaneously within budget and timeline constraints. | •Minimum of (10) years' experience in Construction management in Mining industry in a similar capacity. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| •Computer Literacy (MS Office – Intermediate), Mechanical and Maintenance experience, Attention to detail, Analytical skill, Problem solving skill, Supervisory Experience, MS Project Skills, Strong understanding of construction methods and materials | • Excellent Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of Accuracy, Self-motivation, Dedication to safety, Time Management, Leadership |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ንብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

### 1. Position: Process Plant Fitter

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- A Fitter is a skilled tradesperson who maintains, and repairs machinery and equipment used in construction and mining industries.
- They're responsible for diagnosing and fixing mechanical problems, replacing worn parts, , inspections, servicing and ensuring that equipment operates safely and efficiently as to OEM in accordance with existing procedures, polices, legal requirements and consent conditions

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- The fitter shall dissemble and assemble equipment to OEM standard or overhaul/recondition equipment to retain its reliability status for production achievement.
- The fitter shall perform preventive and predictive maintenance on equipment to sustain its availability and reliability for production.
- Measure, examine, or test completed units to check for defects and ensure conformance to specifications, using precision instruments and tooling for example laser alignment, ruler, Vernier.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Mechanical Installations
- Mechanical Maintenance
- Conveyor Maintenance
- Grinding mills maintenance
- Crusher maintenance
- Reports & Data
- Training

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Crushing experience (jaw/gyratory and cone crusher)
- Grinding mills and Isamills experience essential
- Flotation experience essential
- Filtering experience essential
- Kiln experience.
- Candidate must be physically and medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Technical College Mechanical.<br>○ Fitter Trade or Fitter and Turner Trade or Diploma Mechanical Engineering | ○ 8+ years relevant experience. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Attention to detail, Problem solving skill, High level of accuracy, Ability to work towards strict deadlines, Fitting experience on chemical/process plant, Machining/turning experience | ○ Communication (English), Self-motivation, Prioritizing skills, Coordination skills, Team and leadership skills, Specialized organizational skills (evaluating, planning and scheduling work) |

### 2. Position: Senior Boilermaker Supervisor

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Supervise a boiler making team, inspecting maintaining and repairing equipment in an effective and efficient manner in the safest way within the Process Plant Maintenance section and other areas where required.
- In addition, mentor and upskill existing national supervisory and tradesman level workforce.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Ensure ore and slurry streams are fit for purpose including chute, bin, hopper, transfer tower, flange pipes, cyclone etc. and general boiler making/welding works inclusive installation.
- Development and fabrication of rotable spares & implementation change-out maintenance strategy.
- Training and mentoring of the labour force.
- Budgeting.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Writing Reports & Data Control
- Supervise/Manage team

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically and medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.
- Must have a light vehicle license.
- Must have knowledge on Rubberizing of tanks and pipping.
- Installation skills of chute, grizzly, transfer tower, bin, hopper, pipes, cells, transition passage etc

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Supervisory certificate<br>○ International recognized trade certificate/Diploma boilermaker, plate work for vessel and tanks, pipping, profile and development.<br>○ Coded welder qualification will be an advantage. | ○ 10+ years relevant experience as hands on boilermaker supervisor in Mineral process environment.<br>○ MIG, TIG, STICK, gas cutting brazing & heat treatment of different materials<br>○ 5+ years budget and planning for boilermaker team materials and shutdown planning relevant experience<br>○ Rotable spares management. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – Intermediate,), Planning/scheduling, Attention to detail, Analytical skill, Mechanical and Maintenance experience, Problem solving skill, Supervisory experience, Safety reporting and actions, High level of English | ○ Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Good Cultural awareness, Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

ኣብል ሃገራዊት ጋንታ ባድሚንቶን ኤርትራን ብሉጽ ተጻዋታይ ባድሚንቶንን ለይኩን ሙሉጌታ ሰመረ፡ ምስ'ቲ ዓውዲ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዘተጓናጸፎም ዓወታትን ሓፈሻዊ ተመኩሮኡን ኣካፊሉና ኣሎ። ቅድሚ ምስ ለይኩን ምልላይና ግን ብመንገዲ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ባድሚንቶን ኤርትራ ኢንስትራክተር ማትያስ ክፍሎም ነቲ ዓውዲ ዞሎልዩ ድሕረ-ባይታ ከቕድም።

ባድሚንቶን፡ ሓደ ካብ ቅልጡፋት ጸወታታት እዩ። ኣብ ርብዕ ኩርናዕ ቅርጺ ዘለዎ ሜዳ ብራኬትን ናይ ክንቲት ዝመስል ብፕላስቲክ ዝተመስርሐ ኩዕሶን ኣብ ወሽጢ ገዛ ግዳምን ባሕሪን ክጽወት ዝኽእል ዓውዲ ስፖርት እዩ። ጸወታ ባድሚንቶን ሓደ ምስ ሓደ ወይ ክልተ ምስ ክልተ ኣንጻር ክጽወት ይከኣል።

ጸወታ ንኽጅመር ኩዕሶ (ሹተል ኮፕ) ብየማናይ ወገን ሜዳ ንጉድኒ ብራኬት ምስ ተሃረመት (ምስ ተሰረበት) ቅድሚ መሬት ምዕላብ እናተሓንበበት 1.55 ሜትሮ ካብ መሬት ብልዕሊ ሰከይዎት ክትሓልፍ ክትክእል ኣለዋ።

ሓንቲ ጸወታ ኣብ 21 ነጥቢ ትውዳእ። እቶም ክልተ ተጋጠምቲ ማዕረ እንተወጺኦም፡ ፍልልይ ናይ ክልተ ነጥቢ ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ኣብ 31 ነጥቢ ቀዲሙ ዝበጽሐ ይዕወት። ምሉእ ጸወታ ባድሚንቶን ድማ ብሉጽ (Best of 3. 5.7) እናበለ ይቕጽል።

ጸወታ ባድሚንቶን፡ ኣብ ሃገራት ግሪኽ፡ ህንዲን ቻይናን ኣብ 1860ታት ክጽወት ከም ዝጀመረ ሰነዳት ሃገራዊ ፌደረሽን ባድሚንቶን



ኤርትራ የረድእ። ኣብ 1870ታት ድማ ወተሃደራውያን መኮንናት ዓዲ እንግሊዝ ነቲ ጸወታ ካብ ህንዲ ብምቕዳሕ ናብ ዓደም ኣተኣታትዮምዎ ዝብል ሓበሬታ ኣሎ።

ኣብ 1890ታት ድማ፡ ናይ ባድሚንቶን ማሕበር ቀይሙ። ኣብ 1934፡ ዓለማዊ ናይ ባድሚንቶን ፌደረሽን ተመስሪቱ።

## መደብ ጸወታ

ፕሪመር ሊግ

ሎሚ

ሊቨርፑል ምስ ክሪስታል ፓላስ ሰዓት 4፡00 ድ/ቀ

ዌስትሃም ምስ ፉልሃም ሰዓት 4፡00 ድ/ቀ

ኣርሰናል ምስ ኣስቶን ቪላ ሰዓት 6፡30 ምሸት

# "ኤርትራ፡ ኣብ ዓውዲ ባድሚንቶን ብርግጽ ክትዕወት እያ"

## ለይኩን ሙሉጌታ

መስራቲ ሃገራት ከኣ ካናዳ፡ ዴንማርክ፡ ፈረንሳ፡ ኔዘርላንድ፡ እንግሊዝ፡ ኒውዚላንድ፡



ኣየርላንድ፡ ስኮትላንድን ዌልስን እየን። ኣብ ሃገረ ስጳኛ ከተማ ባርሰሎና ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ኦሎምፒክ ድማ ንፈለማ ግዜ ውድድር ባድሚንቶን ተኻይዱ።

### ኣብ ሃገርና'ኸ፧

ቅድሚ ናጽነት ኣብ 1988/89፡ ኣብ ናይ ሕጂ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ማለት ብወከማ ኣብ ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ኣብ ንእሽተይ ኮሮደዮ መብዛሕትኦም ደቂ ዕዱጋ ሓሙስ ተጻወትቲ ብዘርከብዎም'ዩ ተጀሚሩ። ካብ 1991 ክሳብ 1999 ውድድራት ከም ዝተኻየዱ ይሕበር። ብድሕሪኡ ግን ብዘተፈላለዩ ምኽንያታት እቲ ንጥፈታት ከም'ቲ ዝድለ ኣይሰጎመን።

ኣብ 2001 ዳግማይ ተበራቢሩ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ፌደረሽን ቀይሙ። ኣብ ሓምለ 2004 ድማ ሃገራዊ ፌደረሽን ባድሚንቶን ኤርትራ ተመስሪቱ። ኣገዳስነቱ እናማዕበለ ምስ ከደ ድማ ኤርትራ ኣባል ፌደረሽን ባድሚንቶን ኣፍሪቃን ዓለምን ኮይና።

ኣብ 2018፡ ሓዳስ ፈጻሚት ኣካል ምስ ተመርጸት ነቶም ዝነበሩ ሃንደበት መሊአ ብሓደሽ ኣገባብ ንውድድራት ባድሚንቶን ኣዋዳዲዓቶ። ብዘይካ'ቲ ብፌደረሽን ባድሚንቶን ዝስራዕ ውድድራት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ኣብ ካልኣይ ደረጃን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲን ብውዕወዕ መንፈስ ግጥማት ተካይድ ኣሎ።

እታ ፌደረሽን ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት፡ ስልጠናታትን ኣኼባታትን ክትሳተፍ ጀሚራ። ኣብ ሃገረ ታይላንድ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ወከልቲ ሰዲዳ ተሳቲፋ። ኣብ ኡጋንዳን ኢትዮጵያን ኣብ ዝተኻየዱ ስልጠናታት ተሳቲፋ። ሃገራዊት ጋንታ ባድሚንቶን ኤርትራ ኣብ ናይጀሪያ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ጋድሚንቶን ኣፍሪቃ ክትሳተፍ እንከላ፡ ኣብ ሞሮኮን ጋናን ኣብ ዝተኣንገደ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ (ኦል ኣፍሪካን ገይምስ) ተሳቲፋ ኣተባባዒ ወጽኢት ድማ ከም ዘመዝገበት ኢንጂነር ማትያስ የረድእ።

ሃገራዊ ፌደረሽን ባድሚንቶን ኤርትራ ብሉጻት ተጻወትቲ ኣብ ምፍራይ'ዩ ዝርከብ።

ሓደ ካብኦም እቲ ኣብ መእተዊ ጽሑፍና ዝጠቐስናዮ ለይኩን ሙሉጌታ እዩ።

ኣብ 1994፡ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ። ብቤት ትምህርቲ ፊላንድ ሚሽዮን ዝፈለሞ ጉዕዞ ትምህርቱ፡ ብኻልኣይ ደረጃ ሰሜኣታትን ዋርሳይ ይካኣሎን ሓሊፉ፡ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ስነፍልጠትን ማይ ነፍሒ ተማሂሩ።

መንእሰይ ለይኩን፡ ምንቅስቓስ ስፖርት ስለ ዘዘውትር ኣብ ደንደን ማእከል ምንቅስቓስ (ጂምናዝዩም) ኣብ 2009 ጀሚሩ። ኣብኡ ባድሚንቶን ክጻወቱ ምስ ተዓዘበ ጽልዋ ኣሕዲሩሉ። ነታ መጻወቲት ራኬት ሓንሳብ ምስ ሓዛ ካልእ ዓይነት ምንቅስቓስ ወዚፉ ቀልቡ ምስኣ ጥራይ ገበረ። ወላዲኡ ኣቶ ሙሉጌታ ሰመረ፡ ነቲ ዓውዲ ስፖርት ክደፍኦሉ ኣተባቢዖሞ። ለይኩን፡ ድሌት ስለ ዝነበሮ ንኽመልካ ካብ ኣዋርሕ ኣይሰገረን። ኣብ መወዳእታ 2009 ከኣ፡ ፌደረሽን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል ኣብ ዘወደቦ ውድድር ትሕቲ ዕድመ ተሳቲፉ ሻውዓይ ደረጃ ሒዙ። እዚ ወጽኢት ንሱ'ን ሰድራ ቤቱን ተስፋ ኣሰኪፎም።

ለይኩን፡ ኣብ ዓውዲ ባድሚንቶን ጸቢቕ ቀመና ሒዙ'ዩ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ንምዝዛም ኣብል 24 ዙርያ ኮይኑ ሳዋ ዝወረደ። ኣብ ሳዋ፡ ኣብ ዝካየዱ ዝነበሩ ውድድራት ባድሚንቶን ድማ ካብ መላእ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይካኣሎ ካልኣይ ደረጃ ወጺኡ።

ኣብ 2012፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ድማ፡ ሳልሳይ ደረጃ ብምውጻእ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ኮይኑ። ናይ ኮሌጅ ትምህርቱ እናተኸታተለ፡ ጸዑቕ ልምምድ የዘውትር ነይሩ። ኣብ 2013፡ ናይ ኮሌጅ ምህንድስናን ስነፍልጠትን ማይ ነፍሒ ውሽጣዊ ውድድር ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ብኽልተ ድርብን ተወዳዲሩ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ክኸውን በቒዑ።

ዝሓለፈ ጉዕዞን ወጽኢቱን እናተሰፈዎ መጺኡ። ርእሰ ምትእምማኑ ድማ በርኺ። ድሕሪ ናይ ወሽጢ ኮሌጅ ዓወቱ፡ ንመምረጺ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ኣብ ዝተኻየደ ናይ መጻረዪ ውድድር ተሳቲፉ። ቀዳማይ ደረጃ ስለ ዝወጽአ ድማ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ክኸውን ዕድል ረኸበ።

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ኣብ መዛዘሚ ክልተ ብሓደ ተሳቲፉ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ ውድድሩ ዛዚሙ። እዚ ጸወታ በቲ ሃገራዊ ውድድሩ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ዓወት ዝጸላኢ ኣይነበረን።

ኣብ 2014፡ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሻምፕዮን ምስ ኮነ፡ ንጋንታ ዓምበርበብ ተጸንቢሩዋ። ምስ'ዛ ንክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓቝፋ እትሳጥፍ ዓባይ ጋንታ፡ ኣብ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ክጻወት ባይታ ረኸበ። እቲ ናይ ሓይልታት ምክልኻል ውድድር ቡዒዚ ስለ ዝኾነ ንዓቕሙ ፈቲንዎ እዩ።

መንእሰይ ለይኩን ጸዑቕ ውድድራት እናኻየደ ከሎ፡ ናይ መጀመርታ ስልጠና ኣሰልጣኒ ባድሚንቶን ክሳተፍ ዕድል ረኸበ። እቲ ስልጠና ኣብ ርእሲ'ቲ ብኣሰልጠንቱ ባዕሉን ዘማዕበሎ ፍልጠት ተወሳኺ ድርኺ ስለ ዝኾና ብቕዓቱ ዝያዳ ወሲኹ።

ንኣብነት፡ ኣብ 2015 ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ኮይኑ። ኣብ'ታ ዓመት ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቀዳማይ ደረጃ ብምውጻእ ብርክት ዝበሉ ሽልማታት ሓፊሱ። ኣብ 2015 ዘጥረዮ ቀመና፡ ነቲ ኣብ 2016፡ ኣብ ከተማ ከረን ዝተኻየደ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ቀዳማይ ኮይኑ ንኽዕወተሉ ሓጊዝዎ እዩ። ኣብ'ዛ ተጠቓሲት ዓመት ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተገብረ ጸወታ'ውን ወርቂ መዳልያ ዝምንጥሎ ኣይረኸበን። ጋንታኡ ጋንታ ዓምበርበብ ድማ ብውድድር ባድሚንቶን ኮርዓ ዋናጩ ዓቲራ።

ኣብ 2018፡ ንመጀመርያ ግዜ ሻምፕዮን ኤርትራ ኮይኑ፡ ኣብ 2019 ድማ ኣብ ሻምፕዮን ዞባ ማእከልን ሻምፕዮን ኤርትራን ዝኸኣ ዓሪጉ። ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ንምስታፍ ናብ ናይጀርያ (Oll African Senior Championships) ንኽሳተፍ ከይዱ። ኣብ ናይ ውልቂ (Individual) ተጻዊቱ ዝሓደ ምንቅስቓስ ኣርእዩ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ። ቀጺሉ፡ ኣብ ውድድራት መላእ ኣፍሪቃ (All African Games 2019) ሞሮኮ ተሳቲፉ፡ ኣብ'ቲ ውድድር ምስ ብሉጻት ኣፍሪቃውያን ተጻወትቲ ባድሚንቶን ተመኩሮ ተለዋዊጡ።

ብኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ተወፊቡ ብቻይናዊ ክኢላ ኣብ ዝተዋህበ ናይ 20 መዓልታት ስልጠና ተሳቲፉ። እንተኾነ ግን እቲ ተመኩሮ ከዩሰርሓሉ ኮቪድ 19 ኣሰናኺልዎ። ኣስታት ሰለስተ ዓመታት ድማ ካብ ጸወታ ተኣልዩ።

ኣብ 2022፡ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሻምፕዮን ዞባ ማእከል መንእሰይ ለይኩን ክእለቱ ለጠቕ ስለ ዝበለ፡ ራብዓይ ደረጃ'ዩ ወጺኡ። ብድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸሉ ውድድራት ዋላ'ኳ ኣብ ደረጃ እንተኣተወ ወርቂ መዳልያ ግን ከይረኸበ ንዓመት 2022 ተፋንዩዋ። እንተኾነ ግን ኣብ 2023፡ ጸዑቕ ልምምድ ብምግባር ሻምፕዮን ዋንጫ ናጽነት ኮይኑ ነታ ዝለመዳ ወርቂ ኣይሰኣናን። ኣብ ወርሓት መስከረምን



ጥቕምቲን ናይ 2023 ኣብ ዝተኻየዱ ሃገራዊ ውድድራት ንጋንታኡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ወኪሉ ተጻዊቱ። ብሩር መዳልያ ድማ ተሸሊሙ። ኣብ'ታ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ባድሚንቶን ብኽልተ ብድርብን ተሳቲፉ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ውድድሩ ዛዚሙ።




ለይኩን፡ ኪኾ ጋንታ ዓምበርበብ ዘጠምቶ ብቕዓት ስለ ዘጥረየ፡ ምስ ካልኦት ኣባል ኩርስ ሓብሮም ኣብ ናይ ድርብ ጸወታ ንጋንታ ደንደን ወኪሎም ተጻዊቶም። ክልተኦም ድማ ኀብልል ኮይኖም ተሸሊሞም።

ካብ 8 ክሳብ 11 መጋቢት 2024 ኣብ ጋና ኣብ ዝተኣንገደ ውድድራት መላእ ኣፍሪቃ (All African Games 2023) ለይኩን ምስ ኣቤል ብምኳን ንካልኣይ ግዜኡ ተሳቲፉ። እዞም ክልተ ተጻወትቲ ንሃገሮም ወኪሎም ብድርብ ምስ ቡርኪናፋሶ ተጻዊቶም ብጸቢብ ተሳዒሮም። ብውልቂ ድማ ለይኩን ምስ ቴኦዴማር ንፎን ዝተባህለ ወዲ ኢኳዶራል ጊኒ ተጻዊቱ 2 ብ 0 ረቲዑ። እዚ ዓወት ታሪኻዊ ዓወት እዩ። ምኽንያቱ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ዓውዲ ንኻልኣይ ግዜኣ ኣብ ዝተሳተፈትሉ ናይ መጀመርያ ኣህጉራዊ ዓወት ዝተጓናጸፈትሉ ስለ ዝኾነ። ኤርትራ፡ በዚ ዝተመዝገበ ዓወት ምስ 32 ሃገራት መዳልያ ተሸሊማ ናብ ዝቕጽል ውድድር ሰገረ። ለይኩን ኣብ ምድብ 16 ንሃገሩ ወኪሉ ምስ ወዲ ጋና ገጢሙ። ኣብ'ዚ ውድድር ዓቢ ተመኩሮ ቀሲሙ 2 ብ 0 ተሳዒሩ።

መንእሰይ ለይኩን፡ ዓቕሚ ኤርትራውያን ኣብ ባዲሚንቶን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከም ዘሎ፡ ዝተረፎም ውሑድ ቴክኒካዊ ብቕዓት ብልምምድን ስልጠናን ተተኪኡ ኤርትራ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ቕድድም ብሽክሊታን ጉያ እግርን ብባድሚንቶን'ውን ከም እትፍለጥ ብዘይጥርጥር ብምግላጽ እዚ ራእይ ተግባራዊ ንኽኸውን ናይ ሓቦር ስራሕ ከም ዘድሊ ይገልጽ።

ኣብ መወዳእታ መንእሰይ ለይኩን፡ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ካብ ምውሳድ ከም ዘይተቖጠበ፡ ሓደ ካብኡ ብውድድራት ፓራ ኦሎምፒክ (Level one) ከም ዝሰልጠነ ገለጸ። ኣብ'ዚ እዋን ድማ፡ ጸዑቕ ልምምድ እናገበረ ምስ ብጾቱ ኮይኑ ተመኩሮኡ ንንኣሽቱ መንእሰያት ኣብ ምትሕልላፍ ከም ዝርከብ ብምሕባር፡ ህዝቢ ብፍላይ ድማ ተማሃሮ ወትሩ ቀዳም ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደምበ ሰምበል መጺኦም ክለማመዱ ክፉት ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

ኣሚን ተስፋይ



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ስምዒትካ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምድርባይ - ሕርቃን የህድእ!

ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ንጎያ - ጃፓን ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ እትሓርቀሉ እዋን፡ መጠነ ሕርቃንካ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምቕዳድ ወይ ምድርባይ፡ ነቲ ሕርቃን ኣብ ምህዳእ ኣዝዩ ወጽኢታዊ ሜላ ምዃኑ ተሓቢሩ።

'ክኒዳሺሳራ' ኣብ ጃፓን ዝበዓል ዓመታዊ ፌስቲቫል እዩ። ኣብዚ መዓልቲ'ዚ፡ ጃፓናውያን ምኽንያት ሕርቃኖም ኣብ ስርሖት ካይላ ዝኾነ ብዩቲ ኣሰፊሮም ብምስባር፡ ካብ ኣሉታዊ ስምዒታት ከምዝናገፉ ይግለጽ። እዚም ተመራመርቲ ከኣ፡ ኣብዚ ባህሊ ጃፓናውያን ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቶም፡ መጠነ ሕርቃንካ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምቕዳድ ወይ ምድርባይ፡ ኣብ ምህዳእ ኣሉታዊ ስምዒታት ብዓይኒ ስነ-ፍልጠት ኣድማዒ ኮይኑ ረኺቦሞ ከምዝለዉ ሓቢሮም። ንኡቶም ኣሰዒቦም፡ ሕርቃንካ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምቕዳድ ወይ ምድርባይ፡ ንኣሉታዊ ስምዒታት ምሉእ ብምሉእ ናይ ምውጋድ ብቕዓት ከምዘለዎ'የም፡ ኣብ'ቲ ግብራዊ ፈተነ ከረጋግጹ ክኢሎም ዘለዉ።

ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ሕርቃንካ ምቁጽጻር፡ ኣብ ምውጋድ እቲ ድሒሩ ኣብ ውልቃዊ ሂወት ኮነ ኣብ ስራሕ ክኸሰት ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ሓጋዚ እዩ። ንሕርቃን ክትዓብጦ ወይ ብኸፊ ከተወጽኦ ምፍታን ከኣ፡ ካብ'ቲ ሓረቕካ ዝተጎናጸፍካዮ እቲ ብዚይምህዳእካ እተስዕቦ ሳዕቤን እዩ ዝዓብዝ። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፡ ሃዲእካ ምስትንፋስ፡ ክሳብ ዓሰርተ ምቑጻር፡ ዝሓሉ ምንቅስቓስ ምኽያድን ዝኣመሰሉ ሜላታት፡ ኣብ ምቍጽጻር ሕርቃን ኣድማዕቲ ኣገባባት ኮይኖም ተረኺቦም እዮም። ስምዒታትካ ኣሰፊሕካ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምቕዳድ ወይ ምድርባይ ግን ዚያዳ ምኽንያታዊ ክትከውን ስለዝሕግዘ፡ ኣብ ምእላይ ዝኾነ ዓይነት ኣሉታዊ ስምዒት ወጽኢታውን ብቑዕን ክተተግብሮ እትኽእልን ሜላ ከምዝኾነ እዩ በዚም ተመራመርቲ ተገሊጹ ዘሎ።

ይኹን'ምበር፡ ኣሉታዊ ስምዒታት ኣብ ወረቐት ኣሰፊርካ ከተብቅዕ ከየሰንደኻዮ ወይ ከይቀደድካዮ ምስ ዝተርፍ ግን፡ ኣብ



ምህዳእ ዝንኣድ ኣድማዕነት ከምዘይብሉ እዩም እቶም ጃፓናውያን ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ዘጽንዑ።

## ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ግዜ ምሸት፡ ንጥዕና ጠቓሚ ምዃኑ ተገሊጹ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሰድኒ - ኣውስትራልያ፡ ከሰዓት ሰዓት ኣብ ግዜ ምሸት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ዘካይዱ፡ ሕማማት ልቢ ናይ ምዕባሉ ዘለዎም ዕድልን ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክሞቱ ዘለዎም ተኽእሎን ብምጡኑ ዝተሓተ ምዃኑ ሓቢሮም።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ከባቢ 30 ሽሕ ሰባት ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ጥዕና ዘለዎ ጽልዋ ንምልላይ፡ ንሸሞንተ ዓመታት እዩ ተኻይዱ። እቶም ኣብ ግዜ ምሸት ካብ ፈኲስ ክሳብ ከቢድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘዘውትሩ ሰባት፡ ምስ'ቶም ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘየካይዱ ሰባት ክወዳደሩ ከለዉ፡ ብዝኾነ ዓይነት ሕማም ክሞቱ ዘለዎም ተኽእሎ ብ61 ሚእታዊት ክንድል ከሎ፡ ሕማማት ልቢ ናይ ምዕባሉ ዘለዎም ዕድል ከኣ ብ36 ሚእታዊት ዝተሓተ ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም። ብዘይካ'ዚ፡ እዚም ኣብ ግዜ ምሸት ኣካላዊ ምውስዋስ ዘዘውትሩ ሰባት፡ ሕማም ኮሊት፡ ጸገም መትንን ምድንኻም ናይ ዓይኒን ናይ ምዕባሉ ዘለዎም ዕቓ ብ24 ሚእታዊት ዝነኣሰ ምዃኑ ወሲኾም ገሊጾም።



ኣብ ግዜ ንግሆን ሰዓታት ቀትርን ዝካየዱ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት፡ ማእለያ ዘይብሎም ረብሓታት ዝርከቦም ምዃኑ ፍሉጥ ኮይኑ፡ ብዚያዳ ኣብ ግዜ ምሸት ዝካየዱ ምውስዋስ ኣካላት ብመንጽር ጥዕና ልቢ፡ ከሊትን ሓፈሻዊ ሞትን ክርኣዩ ከለዉ ግን ዝለዓለ ጥቕሚ ከምዘለዎ'ዩ በዚም ተመራመርቲ ዝሕበር ዘሎ።

ንሳቶም፡ ንጥቕሚ ናይ'ቲ ኣብ ግዜ ምሸት ዝካየድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣመልኪቶም፡ ምሸት ኣብ ደም ዝርከብ ዓቐን ሽኮር ስለዝልዕል፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከኣ ነቲ ካብ ንቡር ዓቐን ኣብ ደም ዝጸንሐ ሽኮር፡ ናብ ጭዋዳታት ብምእላይ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ኣብ ጥዕና እወታዊ ለውጢ ከምዘስዕብ ኣረዲኦም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ግዜ ምሸት ዝኻየድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ምውሓድ ጸቕጢ ደም ተራ ከምዘለዎ ወሲኾም ሓቢሮም።

እዚ መጽናዕቲ'ዚ ኣብ ምድማር ዝርከብ ብምዃኑ፡ ብዙሓት ዘይተመለሱ ሕቶታት እኳ እንተሃለዉ፡ ከሰዓትን ሕማም ሽኮርን ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ግዜ ምሸት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ዘካይዱ ግን፡ ካብ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ ዚያዳ ጥዕናዊ ረብሓ ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ከረጋግጹ ክኢሉ ኣሎ።

## ምትብባዕ፡ ወጥሪ መጻምድቲ የጉድል

ኣተባቢዒ ወይ ኣተባቢዒት መጻምዲ ዘይምህላው፡ ምስ ምልዓል ኣካላዊ ሕማም ክሰዕብ ዝኽእል ናይ ወጥሪ ሆርሞን 'ኮርቲሶል' ምትሕሓዝ ከምዘለዎ ኣብ ዩኒቨርስቲ ቢንግሃምተን - ኣመሪካ ብዘመደበርም ተመራመርቲ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ'ተፈሊጡ።

ኣብ ሓዳር ዝርአ ኣብ ልዕሊ መጻምድኻ ናይ ዘይምግዳስ ባህሪ፡ ሓደ ካብ ብዙሕ ምኽንያታት ፍትሕ እዩ። እዚም ተመራመርቲ ከኣ፡ እዚ ኣብ ሓዳር ዝርአ መጻምድኻ ናይ ዘይምድጋፍ ጠባይ፡ ኣብ ጥዕና ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ኣጺሮም። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ብርክት ዝበሉ ሰብ ሓዳር እዩ ተኻይዱ። ካብ መጻምድን ወይ መጻምዶም እወታዊ ደገፍ ዘይረኽቡ ወይ ዘይረኽብ ሰብ ሓዳር፡ ከም መጻምዲ ኣገዳስነቶም ዝነኣሰ ኮይኑ ስለዝስምዖም፡ ኣብ ኣካሎም ዝርከብ ዓቐን ሆርሞን 'ኮርቲሶል' ሸውሸው'ኡ ከምዝዛለዕል ተጸሊኑ። ብኣንጻሩ'ዚ፡ ካብ መጻምድን ወይ መጻምዶም ብልዙብ ቃላት ዝተማእከለ ሞራላዊ ኮነ ገንዘባዊ ምትብባዕን ዝረኽብ ወይ ዝረኽቡ ሰብ ሓዳር፡ ዝርድኦምን ዝግደሰሎምን ሰብ ከምዘሎ ስለዝግንዘቡ፡ ዓቐን እቲ ኣብ ኣካሎም ዝርከብ ናይ ወጥሪ ሆርሞን ሸው ንሸው ከምዝነድል፡ ኣቐድቲ እቲ መጽናዕቲ ትዕዝብቶም ገሊጾም።

ንሳቶም፡ ኣብ ኣካላት ሰብ ልዑል ዓቐን ሆርሞን 'ኮርቲሶል' ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ምንኣስ ዕብየት ሓንጎል፡ ክረሻ፡ ሕማም መንሽሮ፡ ሕማም ልብን ምድኻም ስርዓት ተጻዋርነትን ከምዘስዕብ ሓቢሮም።

ኣብ ግዜ ሰላም ኮነ ኣብ ግዜ ሸገር፡ መጻምዲ ኣብ ኑሓድሕዶም ዝርእይዎ ደገፍ፡ ብዚይካ ኣብ ምድልዳል ዝምድናኦም ዝህልዎ እወታዊ ኣበርክቶ፡ ኣብ ኣካላዊ ኮነ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኦም'ውን ልዑል ጽልዋ ከምዘለዎ ተገንዚቦም፡ ሰብ ናብራ ሓዳር ኣብ ኑሓድሕዶም ክደጋገፉን ሓገዝ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ብልዙብ ቃላት ክሰንዩምን እቶም ተመራመርቲ መኺሮም።



## "ሓንጎል ሰብ እናሰፍሐ ይመጽእ ኣሎ" ክኢላታት


ኣብ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ ኣብ ዝተሳለሰ ሓዲሽ መጽናዕቲ፡ ድሕሪ 1930ታት ዝተወልዱ ሰባት፡ ምስ ግዜ ዕብየት ሓንጎሎም ብዝዓምታ እናወሰኸ ይመጽእ ምህላዉ ተሓቢሩ።

እዚ ንሰለስተ ወለዶታት ብሓገዝ ንኹነታት ሓንጎል ዝዕዙብ ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ እቶም ተመራመርቲ ንሓፈሻዊ ዕብየት ሓንጎል ወዲ-ሰብ ብዝበእ ንኽርድኡሉ ኣኽኢልዎም ከምዘሎ ገሊጾም። ንሳቶም፡ እቶም ኣብ 1970ታት ዝተወልዱ ተሳተፍቲ፡ ካብ'ቶም ኣብ 1930ታት ዝተወልዱ፡ ብ6.6 ሚእታዊት ዝዓቢ ዓቐን ሓንጎል ክህልዎም ከሎ፡ ብ15 ሚእታዊት ዝዛይድ ስፍሓት ሓንጎል ከምዘውንኡ ደማ ኣረዲኦም።

ዝጠዙለ እዋን፡ ጀነቲካዊ ኣቃውማ ንዕብየት ሓንጎል ዝጸሉ ቀንዲ ረቛሒ ምዃኑ'ኳ ዝፍለጥ እንተኾነ፡ ኣብዚ መጽናዕቲ ግን ከም ጥዕና፡ ማሕበራዊ ሂወት፡ ባህልን ትምህርትን፡ ኣብ ዕብየት ሓንጎል ተራ ክህልዎም ከምዝኽእል እዩ በዚም ተመራመርቲ ዝገለጸ ዘሎ። ንሳቶም፡ ካብ'ቲ ብደረጃ ቀጠባ፡ ትምህርትን ጥዕናን ምዕባለ ዝተራእየሉ ዓመታት ንደሓር፡ ኣዝዩ ዘገምታዊ ምውሳኽ ዕብየት ሓንጎል ከምዝተራእየ ኣመልኪቶም።

ሓፈሻዊ ዕብየት ሓንጎል ናይ'ቶም ኣብ 1930ታት ዝተወልዱ ሰባት 1234 ሚሊ ሊትሮ ክኸውን ከሎ፡ ዕብየት ሓንጎል ናይ'ቶም ኣብ 1970ታት ዝተወልዱ ድማ 1321 ሚሊ ሊትሮ ከምዝኾነ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ሓቢሮም። ብመሰረት'ዚ ተኻዪዱ ዘሎ መጽናዕቲ፡ ኣብዚ ናይ 40 ዓመታት መቓን ግዜ፡ 6.6 ሚእታዊት ወሰኽ ዕብየት ሓንጎል ሰብ ተራእዩ ማለት እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ምስ ምስትውዓል፡ ምምሃር፡ ምዝኻርን ዝተሓሓዘ ክፋል ሓንጎል፡ ምውሳኽ ናይ ዕብየት ከምዝተዓዘቡ ገሊጾም።

ልዑል ስፍሓት ዘለዎ ሓንጎል፡ ምስ ምዕቡልን ጥዕናን ዘለዎ ሓንጎል ዝተኣሳሰር እዩ። እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ምስ ግዜ ዝተራእየ ምጉዓል ብዙሓ ሕማም ረሰዕ ኣብ ሰባት'ውን ወጽኢት ናይ'ዚ ብዝዓምታ ዝሰፍሕ ዘሎ ሓንጎል ከይኮነ ከምዝይተርፍ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ ኣርእስቲ ዘለዎም ኣፍልጦ ንምዕባይ ተወሳኺ መጽናዕቲ የካይዱ ምህላዎም እቶም ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርኒያ ሓቢሮም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓሞሴን | 14/04/2024 | ጎደና ሓሞሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሲዳው | 120205 |
| ፋርማሲ ኣሹሉ | | ጎደና ከልዓውታ ቁ.57 ኣኽሪያ ከባቢ ኣንዳ ዓሊቡክት | 07157709 |
| ፋርማሲ ሰሸል | | ጎደና ናቕፋ ቁ. 33፡ ጥቓ ኣንዳ ኣልፋ | 120601 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services